# ወፍርታትና (our campaigns)

**ቁፅሪ፡ 1**

## መእተዊ

አብዚ ብሽም ስሙር ምንቅስቃስ UNITED MOVEMENT (UM) ዝብል እናተፃሕፉ ዝወፁ ዓንቀፃት (ክፋል ፅሑፋት) ብቀፃልነት ብመፅናዕቲ ተደጊፎም እናተተንተኑ ዝዝርግሑ መደባት ምምሃር ህዘቢ ትግራይ እዮም ክኾኑ። ቀንዲ መልእኽቲ ንብሄራዊ ክብሩ፣ዲሞክራሲያዊን፡ ሰብአዊን መሰሉ፣ ንረብሕኡን ባዕሉ ዝጣበቅ ህዘቢ አብዝኾነ ኩነታት ብማንም ፖለቲካዊ ሐይል ይኹን መንግስቲ ፅዕቶን ምድንጋርን ዘይንብርከኽ፡ ህዘቢ ምፍጣር እዩ።

ህዘቢ ትግራይ አብዞም ዝሐለፉ 25 ዓመታት አብ ታሪኹ ክግምቶ ዘይክእል፡ መግሃስቲ ሰብአዊ መሰሉን ብሄራዊ ክብሩን ዘጋጠሞ ህዘቢ እዩ። ብሽም ቃልሲን፣ ብሽም ህወሐትን ንግዲ ዝተካየዶ ህዘቢ እዩ። ናይ ባዕለይ እዩ፡ ንመን እሞ አሕሊፈ ክህቦ፣ እናበለ ብዘየለ ምፅባለን ዲሞክራሲን ንናይ ሐደ ጉጅለን ውልቀሰብ ክብሪን ስልጣንን ከይተረደኦ ክጣበቅ አንፃር ባዕሉ ዝቃለስ ዘሎ ህዘቢ እዩ። ሕድሪ ስውዓት አለና፣ ህዘቢ ትግራይን ደቁን ዝኸፈሎ መስዋእቲ የግድሰና እዩ፡ እናበለ ዝሸቅጥ ጉጅለ ማሌሊት ነቶም ካብ መስዋእቲ ብአጋጣሚ ዝተረፉ ተጋደልቲ ህወሐት ነበር እናሃደነ ዘጥፍእን ዘፅምፅን ዘሎ ጉጅለ ብዛዕባ ህዘቢ ትግራይን መስዋእትን ክግደስ ሞራል ይኹን ብቅዓት የብሉን።

ብሄራዊ በዓል ሃፍቲን ምሁርን ትግራዋይ አብ ትግራይ ኢኮኖሚያዊን ማሕበራዊን ትካላት ከይተክል፡ ዝተኸልከለ ሎሚ ፅባሕ ለውጢ ክመፅእ ይኽውን እዩ፡ ውድብና አይትጠልመናን እናበለ ንርብዒ ክፍለ ዘመን ብድኽነትን ዓፀቦን ተፀብዩ። አብ መወዳእታ ትጉዕዝ ከሪሙ ዝረከቦ ብምውት መላኪ ራኢ ዝመሐደር (Necrocracy) ብሄራዊ ኽብሩ ዝተነጠቀ ህዘቢ ኾይኑ ተረኺቡ አሎ።

ካበዚ ሐደጋ ንምውፃእን ነቲ ምልኪ ንምስዓርን ቀፃሊ ብዝኮነ አግባብ ብምሁራትን ፍልጠት ዘለዎም ተጋደልቲ ነበር ህወሐትን ብምትሕብባር፡ ንመሰልን ቀፃሊ ብሩሕ ተስፋን ህዝብና ዕጥቂ ክኾኖ ዝኽእል መሰረታዊ ግንዛበ ንምጭባጥ ቁሪፆም ናይ ዝተለዓሉ ተጋሩ ድምፂ ክኸውን እዩ። እዚ ፅሑፍ በቀፃልነት፡ በራድዮ፣ጋዜጣ፣ዩ-ቲዩቭ፣ኢንተርኔትን ካልኦት ከሎም መሳርሕታት መራክቢ ሐፋሽ ክፍነዉ እዮም። ኩሎም ናይ ፖለቲካ ሐይልታትን፣መንግስቲ ማሌሊት ዝሐዞ ፍልስፍናን ዝኽተልዎ አይዲኦሎጂ እናፅነዐ አብ ህዝብና ዝፈጠርዎ ፅልዋን ሐደጋን ብምንፃር ከቃልኦምን ክወቅኦምን እዩ።

እዚ ምንቅስቃስ ቀዳማይ ዕላምኡ ጌሩ ዝሰርዕ ካብ ፖለቲካ ነፃ ዝኾነ ውልቀሰብን ህዝባዊ ትካላትን ክፈጥር ዝኽእል ብቀዑን ንቁሑን ወዲ ሃገር ክህሉ ምግባር እዩ። ብፍላይ ሙሁር ትግራዋይ ምስ ብሃራዊ በዓል ሃፍቲ ተሐባቢሩ አብ ብሄሩ ሙሉእ ክእለቱ ተጠቂሙ ብሄራዊ ናይ ምርምርን መፅናዕትን ትካላት ሃኒፁ ንኩሎም ዓይነት ዕብየታት ብትካላዊ ትሕዝቶኦም ሳይንሳዊ መራሒኦም ዝኾነሉ መድረኽ ንምምችቻው እውን እዩ።

እዚ ምንቅስቃስ ናይ ፖለቲካ ፓርቲ ስራሕ አይኮነን። ናይ ሐደ አይዲኦሎጂ ፅግዐተኛ ወይ ብክፋል ይኹን በሙሉእነት ክፋልጥ መበገሲ ዕላማ ውን የብሉን። እዚ ምንቅስቃስ ዝፈርሆን ዝሰግደሉን ስነ-ሐሳብ ውን የለን። ንብሄራዊ ክብርታት ህዘቢ ትግራይ ዝፃረር፣ዝፈታተን፣ዘደናግርን ናብ ዓመፀኛነትን ውልቀ መላኪን ከሰጋግር ይኽእል እዩ ኢሉ ብሙሉእ መረዳእታን ፅንዓትን እንተበፂሑ ጥራሕ ብሙሉእ ሐይሉ ይቃለሶን ይወቅዖን።

ናብዚ ሐዱሽ ምንቅስቃስ ክሕወስ ፍቃደኛ ዝኾነ ትግራዋይ ብተሐጓስ ቅቡል እዩ። ስነ-ምግባር (ethics and moral) እቲ ዝለዓለ መመዘኒ ናይዚ ምንቅስቃስን አባሉን ስለዝኾነ ግን ትሑት ምግባር ዘለዎ ሰብ ክሕወስ እንተዘይመረፀ ይሐይሽ።

## ቃልሲ፣ህዝቢን፣ስነ-ሐሳብን

እዚ መበገሲ ሐሳብ ህወሐት-ኢህወዴግ ዝተጓዕዘሉ ፖለቲካዊ፣ ስነ-ሐሳባዊን፣ ተግባርን ሕፅር ብዝበለ ዝግምግም መማረፂ ሐሳብ ወሲኹ ዘቅርብ ትንተና እዩ። እዚ ሐሳብ መበገሲ እምበር ፍፁም አይኮነን። ውዱእ ሐሳብ ዝባሃል ስለዘየለ ብምይይጥን ክትዕን ክፀሪ ዝተሐሰበ እዩ። ሎሚ ዝተወደአ ፍፁም ዝመስል ሐሳብ ፅባህ ብካሊእ ዝበለፀ ሐሳብ ክትካእን ክሰዓርን ይክእል እዩ። ታሪክ ጥራሕ እዩ ክቅየር ዘይክእል።

ስነ-ሐሳብ ወይ አይዲኦሎጂ ዝባሃል ንዘለአለም ዝነብር አይኮነን። እቶም ኩሎም አብ ዓለም ዝተራእዩ ስነ-ሐሳባት ፊውዳሊዝም፣ ካፒታሊዝም፣ ፋሺሲዝም፣ ሶሻሊዝም፣..ወዘተ ክጠፍኡን ክሰዓሩን እዮም ተራእዮም። ምክንያት ድማ አለዎም። አብ ሐደ ጭቡጥ ወድዓዊ ኩነታት ብውልቀ ምሁራት አብ መፅናዕትን ትንተናን ዝተመስረቱ ንምዕባለ ሕብረተሰብ ንምስጓም ተባሂሎም ዝረአዩ ሐሳባት እምበር ምስ ናይ ሰብ ሂወት ዝተፈጠሩ መተከእታ ዘየብሎም ፍጡራት አይኮኑን። አብ ጉዕዞ ድማ ክሰዓሩን ብካሊእ ሐሳብ ዝትክኡን እዮም። ብዘይካ እዚ ካሊእ ኩሉ መንገዲ ጥፍአት እዩ ኢልካ ንህዝቢ ምምሃር ጉጉይን ስሑፅን እዩ።

ስነ ሐሳብ (አይዲኦሎጂ) ናይ ካብኡ ዝዓበየ ካሊእ ፅላማ መሳርሕን መፈፀምን እምበር ንባዕሉ ፅላማ አይኮነን። ከምዚ ዝበለ አራአእያ ጉጉይን ጎዳእን እዩ። አይዲኦሎጂ ንሐደ ሕህብረተሰብ ካብቲ በፂሕዎ ዘሎ ማሕበረ ቁጠባዊ ደረጃ ዕብየት ብኹሉ ትሕዝትኡ፡ ብዝምድና ማእቶት፣ ፖለቲካዊ ቅኒቱን፣ ፍትሐዊነቱን እንተወሐደ ናብ ሐደ አዎታዊ ደረጃ ዕብየት ንቅደሚት ዝወስድ እንተደአኾይኑ ጥራሕ እዩ ቅቡል ዝኸውን። አብዚ ዘለናዮ መዋእል ንዲሞክራሲ ከም መሰረታዊ መሳርሒን መግንሕን ናይ አይዲኦሎጂ ምኳኑ ዘይርዳእ፣ ዲሞክራሲ ውዱእ መተካእታ ዘየብሉ ናይ ሰባት መዘራረቢ ቋንቋን ሰብአዊ መሰልን ምኳኑ ዘይአምን፣ ንሐደጋን ጥፍአትን ዝተቀረበ ፍጡር እዩ ክኸውን ዝክእል። ዲሞክራሲ ዝወሃብን ዝክላእን መማረፂ ከምዘይኮነ ምረዳእ የድሊ።

አብ ቃልሲ ህዝቢ ትግራይ ብዙሕ ዝተሐዋወሰ ሐሳብ ከም ዘሎን ብዙሕ ምሁር ድማ ቅር እናበሎ ብትዕዝብቲ ይሐልፎ ከም ዘሎን ብግልፂ ይፍለጥ እዩ። ህዝቢ ካብ ስነ ሐሳብ ወፃኢ ከም ህዝቢ መጠን ህዝቢ ዘበሎ አብ ጉዕዞ ታሪኹ ዝሃነፆም ባህላዊ፣ ታሪካዊ፣ ስነልቦናዊ፣ ክባቢያዊ፣ ቋንቋ ..ወዘተ አለዉ። እዚኦም ናይ ሐደ ህዘቢ መለለይ መንነቱ እዮም። ክብርታቱን አካል መንነት ሂወቱን እውን እዮም። ነዚኦም ረጊፁ ሕብረተሰብ ብደርቢ እናነፃፀለ፡ ናይ ባዕሉ ስነ-ሐሳባዊ ፍልስፍና ክሳልጥ ዝሐስብ ናይ ፖለቲካ ፓርቲ፤ጉጅለ፣ግንባር ወይ ሐይሊ፡ ሃገራዊ ራኢን መንነትን ዘየብሉ፣ ብዓለም ለካዊ ናይ ወፃኢ እርይራይ ሐሳብ ዝድፋእ፣ ብቁፅ እስትራተጂ ዘየብሉ፣ ፀረ ዲሞክራሲን ፀረ ህዘቢን እዩ።

ዝኾነ-ሐሳባዊ ፍልስፍና ዓዲ አለዎ። ናይ ሐደ ኽባቢ ህዘቢ፡ ታሪኽ፣ቁጠባዊ ዕብየት፣ ባህላዊን፡ስነ-ልቦናዊን፡ ዓሚቅ፣ዝርዝርን፣ርግፀኛን፡ ፅንዓት፡ ብጭቡጥ መረዳእታ ደጊፍካ ዝብፃሕ መደምደምታ ናብ መፍትሒ እቲ ስነ-ሐሳብ እንብሎ ይወስድ። ማርክስ ንምዕራብ አውሮፓ መሰረት ጌሩ ንርእ-ሰማልነት እንታይ ምኻኑ ተንቲኑ ካፒታሊዝም ናይ ሕብረተሰብ ናይ መወዳእታ ስርዓት አይኮነን ኢሉ። አብቲ ዝገበሮ ዓሚቅ ፅንዓት ሽቃላይ ዝባሃል ናይ ሕብረተሰብ አካል እግረ መንገዱ ክረክብ እውን ኪኢሉ። ብምስሊ ሽቃላይ ክሰርሕ ይኽእል

እዩ ዝበሎ ሐሳብ (working theory) ድማ ፈጢሩ። አብ ኩሉ ሃገርን አህጉርን ይሰርሕ እዩ ግን ማለት አይኮነን።

ሌኒንን ስታሊንን ብወገኖም ናይ ማርክስ ዝመስል ትንተና ተጠቂሞም ሩስያ ናብቲ ምዕራብ አውሮፓ በጺሖቶ ዝነበረት ምዕባለ ብህፁፅ ንምብፃሕ አብ ሩስያ ዝተመስረተ መፅናዕትን ፍልስፍናን ቀይሶም ንብዙሐት ክፋል ናይቲ ሕብረተሰብ ብአካል ብምጥፋእን ኩሉ ንብረት ህዘቢ ብምህጋርን (መንግስታዊ ብምግባር) ብሽም ምልኪ ሽቃላይ ናብ ኦሊጋርኪ ዝቀርብ ስርዓት መስሪቶም። እዚ ራሽያዊ ጥራሕ አብ ሩስያ ዝተሰርሐ እዩ። አብ ሩስያ ዝተሰርሐ ምስ ናይታ ሃገር ኩነታትን ታሪኽን ናይቶም መራሕቲ ድልየትን አብ ግምት ዘእተወ ሰራሕ እዩ ኔሩ። እቲ ዝሐሰብዎ ደረጃ ምዕባለ ኩሉ እኳ ረኺቦሞ እንተዘይተባህለ፡ ብወሳይ መልክዑ አብ ሐፂር ክባሃል ዝክእል ግዜ ክፍፅምዎ ኪኢሎም እዮም። ናብኡ ንምብፃሕ ዝተኸተልዎ መንገዲ ግን ኩሉ ዓይነት ሰብአዊ መሰላት ብምጥሐስ ዝተገበረ ብምዃኑ ይትረፍ ካልኦት ሃገራት ክኸተለኦ ንሩስያ ዝነበሮ ረብሐ ውን አካታዒን አዝዩ አብ ሕቶ ዝአቱን እዩ።

ማኦን ናይ ቻይና ኮሚዩኒስት ፓርቲን ንናይ ቻይና ሕብረተሰብ ይምጥን እዩ ዝበልዎ ካብቲ ሩስያ ዝከደቶ ብዝተፈለየ፡ ንኹሎም ደርብታት (ሽቃላይ፣ሐረስታይ፣ንኡስ ብርዥዋን ሃገራዊ ብርዥዋን) ዝሐቁፍን ዝውክልን ስርዓት ብምፍጣር፡ እዚ ባዕሉ ናብ ኮሚዩኒዝም ክወስደና እዩ፡ ዴሳውያን (ማሕበርነታውያን) ድማ ኢና ኢሎም ብዝተፈለየ መንገዲ ዝተፈለየ ስራሕ ጌሮም። እቲ ዝተኸተልዎ መንገዲ ስጡሕ ጃምላዊ ምቅትታል ከምቲ ናይ ሩስያ አይነበሮን። ናይ ነዊሕ ግዜ ወፅኢቱ ውን ብግልፂ ይረአ አሎ።

ህዘቢ ሩስያ ንሌኒንን ስታሊንን ምስ ሞሶሎኒን ሂትለርን እንትሰርዕዎም፡ ህዘቢ ቻይና ግን ንማኦ ከም ክቡር ዓብይ መራሒ ክሻዕ ሕዚ ምስ ሐወልቱ አሎ። መራሒ ማሌሊት መለስ ዜናዊ ንሌኒንን ስታሊንን ክመስል ተቃሊሱ በዓቅሙ፡ እንታይ ከምዝገበረ አብቲ ንማሌሊት እንምርምረሉ ርእሲ ክንርኦ ኢና። ካብዚ ክንመሃሮ እንክእእል ግን ሐደ ሐቂ አሎ። ሐደ ፓርቲ ወይ መራሒ ናይ ሃገሩ ታሪኽ ብጉቡእ እንተይፈለጠ በፖለቲካ ጥራሕ ተላዓዒሉ ናይ ካሊእ ዓዲ አይዲኢሎጂ ብምኩራጅ ክመርሕ እንተሐሲቡ ካብ ድንቁርና ክሐልፍ አይክእልን። ካብ ስልጣን ወፃኢ ውን ሃገራዊ ዕላማን አጀንዳን የብሉን።

ብኸምዚ አብ ኩሉ ሃገር ነናይ ባዕሉ ንህዝቡ ዝመስል ቅርፀ ሐሳብ ካብ ናይ ባዕልኻ ህዘቢ ታሪኽ ብምምስራት መሪሕነትን ፖለቲካዊ ስርዓትን ምፍጣር ይከአል እዩ። ናይ ልቃሕ ሐሳብ ሒዝካ፣ካብ ሐደ መፅሐፍ ናብ ካሊእ መፅሐፍ እናተጋላበጥካ፣ቃላት እናመረፅካ ብምልፍላፍ፣ ካብቲ ሐደ ጫፍ ናብቲ ካሊእ ጫፍ ብምንጣር ግን ንዝተወሰነ ግዜ ክሰረሐካ ዝክእል ግዚያዊ ክብሪን ጥቅምን ምርካብ ይከአል ይኸውን። ሃገራዊ መንነት፣ ሃገራዊ ዕላማን ስትራተጂን ስለዘየብሉ ግን ዕድመ የብሉን። አብ ድሌትን እምነትን ህዘቢ ስለዘይምስረት ድማ ፀረ ዲሞክራሲ እዩ። ብአንፃር እዚ ህወሐትን እቲ ሕዚ ብስም ህወሐት አብ ስልጣን ዘሎ ጉጅለ ማሌሊት ዝተኸተልዎ መሰረተ-ሐሳብ እንታይነቱን ውፅኢቱን ንምርአይ ክሕግዝ ይክእል እዩ ንብል።

እቲ ሕዚ አብ ኢትዮጵያ ብሐፈሻ ብፍላይ ድማ አብ ትግራይ ዝረአ ዘሎ ዘይምርግጋእን ድንጋፀን ምስ ናይ ህወሐት ታሪኻዊ ፖለቲካዊ ጉዕዞ ተአሳሲሩ ዝመፀ ተርእዮ እዩ። ሰባት ዘዝመስሎም ትንተናን አቀራርባን ክህልዎም ይክእል እዩ፡ ኾይኑ ግን እቲ ሕዚ ደሚቁን ሐይሉን መጺኡ ዘሎ ተቃውሞ ግድን ክመፅእ ስለዝነበሮ እዩ ተራእዩ ዘሎ። ካብ ናይ ህወሐት ታሪኽ ተበጊስካ ነዚ መደምደምታ ምብፃሕ ድማ ይከአል እዩ።

ህወሓት ክልተ ዘይቀዳደዉ ተፃረርቲ ታሪኽ ከምዘለዎ ዝፈልጥ ሰብ ብዙሕ አይኮነን። ጀሚሩ ክሻዕ ሕዚ ዘሎ መንነትን ታሪኽን ህወሓት እሱ ባዕሉ እዩ፣ ዝቀየሮ የብሉን፣ ኢሎም ዝአምኑን ዝከራከሩን ብዙሓት እዮም። እቲ ንልዕሊ 25 ዓመታት አብ ስልጣን ዝፀንሐን ዘሎን ጉጀለ አነ ህወሓት እየ፣ ቀደም ውን እሱ እየ ኔረ፣ ሕዚ እውን እቲ ናይ ቀደም ህወሓት እየ፣ እናበለ እዩ ዘምህርን ዝትርክን። እዚ ግን ካብ ሐቂ ዝረሐቀ ብመረዳእታ ከረጋግፆን ክረትዕን ዘክእሎ መሰረት የብሉን።

ካብ ሐምለ 1977 ዓ፣ም አቀፃፅቅራ ኢትዮጵያ ክሻዕ ሕዚ ዘሎ ታሪኽ፡ ማሌሊት እምበር ታሪኽ ህወሓት አይኮነን። እቲ አብ መስርዕ እቲ ቃልሲ ዝብሎ አሰሊፍዎ ዘሎ ሐይሊ ውን ፀረ ብሄራዊ ክብርታትን ቃልስን ህዘቢ ትግራይ ምበር ንህወሓትን ተቃለስቱን አይውክልን። እቶም ንህወሓት ዝመስረቱን ንቲ ብዓብይ ጀግንነትን ክእለትን ብፈተና ግዜ ክብሪን ልዕልናን ክጭብጥ ዝገበርዎ ተጋደልቲ አብዚ ሰልፊ ናይ ማሌሊት የለዉን።

መሰረታዊ ፖለቲካዊ ፍልስፍንኡ አብ ምድንጋርን ሕንቅልሕንቅሊተይን ተመስሪቱ ህዝብን ፓርትን፡ መንግስትን ፓርትን እናሓምዞቀ ፀኒሑ። አብ መወዳእታ ህዘቢ ንህዝቢ ብምግጫው በፀረ ዲሞክራሲ ዝተሰርሐ ስርዓቱ ንህዝቢ ትግራይ ካብ ነፃ አተሐሳስባ ነፂሉን አድምዩን ብካልኦት ኢትዮጵውያን ክፅልኡን ክጥቅዑን ጌሩ። አብ መውፅኢ ዘየብሉ መንቀርቀር አትዩ ይጋዓር ናይ ዘሎ ማሌሊት ታሪኽን ፖለቲካዊ እንታይነትን ኢና ንርኢ ዘለና። በዞም ዝስዕቡ ሐፀርቲ ርእስታት ብምፍታሽ ድማ ማሌሊት ዝበሃል ምበር ህወሓት ከምዘይንረክብ ክንርኢ ንኽእል ኢና። ናይ ማሌሊት ዕላማ እንታይ ምኻኑ ዳሕራይ እንረኦ ኾይኑ አብዚ ርእሲ ዘግድስና ማሌሊት ናይ ህወሓት ህልውና ዘጥፈአ ጉጅለ ምበር ህወሓት ዘይምኻኑ እዩ። ቅድሚ ንማሌሊት ምርአይና ህወሓት መዓዝ እንታይ ይመስል ከምዝነበረ ምርአይ ከድልየና እዩ።

# I. ህወሓት

### ብሄራዊ ቃልሲ ከም ታክቲክ ደርባዊ ቃልሲ ከም ስትራተጂ

ህወሓት እንትንብል ብዝተኽተሎ ዝነበረ ዓላማ፣መትከላት፣ስትራተጂን፣ ታክቲክን፣ዝፈጠሮም ትካላት፣ ስርዓተ ክብርታትን፣ስነ-ልቦናን ኢና እንምዝኖን እንትንትኖን።

ህወሓት ሐፋሽ ህዝብና እንትብል (ገባር፡ ተማሃራይ ምሁር፡ ነጋዳይ፡) ኩሉ ትግራዋይ ማለት እየ ኔሩ። መስመር ቃልስና እንትብል ድማ፡ መሰል ብሄር ብሄረ-ሰባት ክሻዕ ምግንፃል ምእማንን ዘይምእማንን ወሳኒን ቁልፍን ሕቶ ናይ ኢትዮጵያ ህልውና ዝውስን ነጥቢ እዩ ኢሉ ይአምን ኔሩ። ንተግባራዊነቱ ድማ አብ ውሽጡን ንስርዓተ ክብርታት ህዘቢ ትግራይ ንምጥንኻር፡ ሰራዊት፣ ባህላዊን ስነ-ጥበባዊን፣ ህዝባዊ ምምሕዳር (ባይቶታት)፡ ..ወዘተ ዝአመሰሉ ትካላት ሃኒፁ ነበረ።

ህወሓት ንህዝቢ ትግራይ ዘለዓዓለሉ ቁልፊ ሕቶ አብ መሰል ርእሰ ውሳነ ናይ ብሄር መሰረት ዝገበረ እዩ ኔሩ። እዚ ሕቶ ብመስረቲ ህወሓት (ማገብት) ብቁዕ ትንተና ተጌርሉ ከም ናይቲ ቃልሲ መለለይ ነጥቢ እዩ ኔሩ።

1.1 አብ ኢትዮጵያ አብቲ ህዘቢ በርቲዑን ሐይሉን ዝረአ ዝነበረ ጎንፂ ብምኳኑ
1.2 መልክዕን ዕምቆትን ብሄራዊ ጭቆናን አድልዎን ንመብዛሕተኦም ህዝብታት ኢትዮጵያ ብተመሳሳሊ ስለዝትንክፍ፣ አብ ሞንጎ እቲ ጨቋንን ተጨቋኒ ብሄርን ዘሎ ጎንፂ ሐቢርካ ንምቅላስ  አብ ሕቶ ዝአተወ ብምንባሩ፡

1.3 ታሪኽ፣ ባህሊ፣ ቋንቋን፣ ብሓፈሻ ብሄራዊ መንነትን ክብርን ህዘቢ ትግራይ ድማ ብፍላይ ዝተገፈፈሉን አብ ሕቶ ዝአተወሉን ናይ መጨረሻ ምዕራፍ ብምእታዉ

1.4 ሰብአዊን ብሄራዊን ክብሩ ዝተሐደገ ህዘቢ ትግራይ አብ ስደት፡ አደዳ ጥምየት፣ ሕማም፣ ድንቁርናን፣ ጥቅዓት ብምውዳቁ፡

ብሄራዊ ሕቶ ቁልፊ መቃለሲ ነጥቢ (MOBLIZING FACTOR) ብኻለእ አባሃላ ዶክትሪን ናይቲ ህወሐት ዝመርሆ ብረታዊ ቃልሲ ምኻኑ አላለየ። አሰዒቡ ድማ አንፃር መስፍንነት፣ ሃፀይነትን፣ ቢሮክራስያዊ ርእሰ-ማልነትን ዝግበር ደርባዊ ቃልሲ ጎኒ ንጎኒ ብሓባር ከካይዶ ብምውሳን፡—እዞም ዝስዕቡ ስራሐቲ አብ ዓሰርተ ዓመት ዕድመ ቃለሱ ክሰርሕ ኪኢሉ ኔሩ።

1. አብ ትግራይ ምስ ዝነበረ መስፍናዊ ሐይሊ፡ኢዴሕ ወታደራዊ፣ፖለቲካዊን፣ ኢኮኖሚያዊን ግጥማት አካየደ። ብኡ አቢሉ መሬት ንሐረታይ ብምዕዳል አብ ሐፂር ግዜ ንማሕበራዊ ፍትሒ ዝተለዓለ ናይ ቃልሲ ሐይሊ ምኻኑ ከርኢ ኪኢሉ ኔሩ።
2. አከታቲሉ ምስ ንብሄራዊ ሕቶ ሒዞም ዝተላዕሉ ሐይልታት ሙሉእ ጎንፂ ሒዙ ዝንዓዝ ዝነበረ ኢህአፓ ብሐሳብ ክትዕን ብተግባር ድማ፡ መሬት አብ ምምቃል፡ ነፃ ምምሕዳራዊ ትካላት ብምዝርጋሕ፡ ሐረ መሬት አብ ምፍጣርን ጉዳያት ህዘቢ ብግልፅን ቅልጡፍን መፍትሕታት አብ ምሃብ ብሉፅ ናይ ፍትሕን ለውጥን ሐይሊ ናብ ምኳን ደረጃ ክሰጋገር ኪኢሉ ኔሩ።
3. ቡሉፅ ግን ድማ አብ ተግባር ዝውዕል ሐሳብ ብምምጫው፡ ንህዝቢ ዝጠቅም አገልግሎት ብምስፋሕ፡ ንሞት ዘይፈርሕ ብጀግንነት ዝተፈተነ መሪሕነት፡ አብ ሐፂር እዋን ምፍጣሩ አረጋገፀ። አብ ናይ ሐሳብ አፈላላይ ዝተመስረተ ምክእአል አብ ውሽጡ ተፃዊሩ፡ አብ ክንዲ ምንፅፃልን ምውንጅጃልን ሐድነት፡ ቀዳማይ መማረፂኡ ጌሩ ዘወሰደ መሪሕነት በኸይዲ ክምስርት ውን ከአለ። ብአሰራርሐ ፕራግማቲስት ብተግባር አፍቃሪ ስራሕን ህዝባዊን መሪሕነት ምኻኑ አብዝሐፀረ ግዜ ብህዝቢ ተቀባልነት ረኪቡ ሰፊሕ ሐራ መሬትን ጠንካራ ሰራዊትን ክፈጥር አየፀገመሉን። እዚ ዓይነት መሪሕነት ንዲሞክራሲ ዝቀረበ እዩ ኔሩ።
4. አብ ፀረ ብሄራዊ ጭቆናን ዕብለላን ዝተመስረተ ንቅሐት ዘለዎ፣ ብጀግንነትን ምዕሩግ ስነ ምግባርን ዝተሃነፀ፣ ሰራዊት አብ 8 ዓመት ውሽጢ ምስራሕ ከአለ። ህወሐት ቅድሚ ብማሌሊት ምስዓሩ ልዐሊ 80% መሬትን ህዝብን ካብ ደርጊ ቁፅፅር ነፃ ብምውፃእ፡ ባይቶታት፣ቤት ትምህርቲ፣ሕክምና ማእኸላት፣ምርምር ማእከላት ሕርሻን ኢደ-ጥበብን፣መጓዓዝያን ስራሐቲ ህንፃን ..ወዘተ ዘጠቃለለ ብከባቢያዊ ሚሊሻ ዝሕሎ ሰፊሕ መንግስታዊ ቅርፂ ዝሐዘ ሐራ መሬት ሃኒፁ ኔሩ። ደርጊ አብ ምክልካልን ምድምሳስን ቁልፊ ተራ ዝፃወተ ብሉፅ 10 መደበኛ ብርጌዳት፣ ልዕሊ 35 ደባይ ተዋጋእቲ አሃዱታትን፣ ዝተማለአ ዕጥቂ ዝሐዘ ልዕሊ ሚኢቲ ሽሕ ሚሊሻን አሰሊፉ ተዳልዩ ዝነበረ ግንባር እዩ ኔሩ።
5. ተጋዳላይ ህወሐት፡ ጀግንነት፣ ቡሉፅ ስነምግባር፣ ህዝባዊነት፣ ዲስፕሊን፣ ፍትሐዊነት፣ ትኩር ስራሕተኛነትን፣ ብፃይነትን፣ አብ ኩሎም አውደ ስራሐቱን ምንቅስቃሱን ንባሕሪኡ ዝገልፁ መለለይ መንነቱን ጌሩ ሃኒፁ ኔሩ። ይኹን ምበር አብ ውሽጢ እቲ ማእከላይ ኮሜቴን ከባቢኡን ብሰነምግባር ብልሽውነትን ፍርሒን ዝፍለጡ ብዝሐዝዎ ስልጣን ዘይነዓቅ ቦታ ዝነበሮም፡ ውልሰባት አብ ጉዕዞ ብሽም ደርባዊ ቃልሲ ንህወሐት መእከቢ ሌያቡ፣ ገበቲ ስልጣንን፣ ለቋምዕን፡ ክቅይርዎ ኪኢሎም እዮም።
6. ብኢትዮጵያ ደረጃ ዝግበር ቃልሲ ንምትሕብባር፡ እቶም ኩሎም ብረት አልዒሎም አንፃር እቲ ስርዓት መሪሩ ብዝመሰሎም ሕቶ ተላዒሎም ዝነበሩ ሐይልታት፡

1. ናይ ሐባር ፀላኢ ብሐባር ንምምካትን

2. ድሕሪ ውድቀት ደርጊ ናይ ሐባር መሰጋገሪ መንግስቲ ንምምስራትን ቀፃሊ ሃገራዊ ድሕንነት፣ ሀንፀትን፣ ምትሕብባርን፣ ንምርግጋፅ ብምሕሳብ ስሙር ግንባር (united front) አብ ፖለቲካዊ ፕሮግራሙን መግለፅታቱን አቃለሐ። ኮይኑ ግን ብዘይካ ሐደ ግዜ ደሚቁ ካሊእ ግዜ ናብ ጎይቅን ዘይምትሕብባርን ካሊእ ግዜ ድማ ናብ ምፅሩግ ምትሕግጋዝን ዝምድናን ዝቀያየር ዝነበረ፡ ነገር ግን ደርጊ አብ ምስዓር ወሳኒ ትርጉም ዝነበሮ ናይ ኢርትራ ቃልሲ ምስ ካልኦት ኢትዮጵውያን ግንባር ክፈጥር አይከአለን።

ናይዚ ምክንያት ህወሐት አብቲ ስሙር ግንባር ዝብል መበገሲ ሐሳብ ግጉይ አረዳዳእ ስለዝነበሮ እዩ። ነቶም አብ ቃልሲ ዝነበሩ ሐይልታት ዘላቂን ግዚያዊን ፈታዊ (TACTICAL AND STRATEGIC ALLIES) እናበለ ይከፋፍል ስለዝነበረ እዩ። ነዚ ዝምድናታት ምስ ካልኦት ሐይልታት ከይሰምር በታክቲክን ስትራተጂን እናአመቱ ዝብትኑ ዝነበሩ አብ ውሽጢ እቲ መሪሕነት ቁልፊ ቦታ ዝነበሮም ውልቀሳባት አብ ብሄራዊ ቃልሲ ምንም ዓይነት እምነትን ድፍረትን ዘይነበሮም ብሌኒንነትን ደርባዊ ቃልስን ጥራሕ ዝአምኑ ውልቀሰባት ድሕሪ ዓሰርተ ዓመት እቲ ቃልሲ ዝነበሮ ዘይደልደሉ ድክመታት ተጠቂሞም፣ ንባዕሎም ተወዲቦም ነቲ ውድብ ብውዲት ክቆፃፀርዎ ምክአሎም እዩ።

ጉዕዞ ናይቲ ቃልሲ አብ ብርቱዕ ብሄራዊ ስምዒትን ናይ ህዘቢ ቀጥተኛ ተሳትፎን ብቅልጡፍ ስለዝሰዓቦ ዕብየቱ ንቅድሚት እምበር ዝኾነ ደዉታ ከርኢ አይከአለን። ኾይኑ ግን ብውሽጢን ብደገን ዝገጥሞ ዝነበረ ፈተናታት ሚዛኑ ከቢድ እናኾነ ይመፅእ ኔሩ። እቲ ናይ ደገ ፈተናታት ብሕቡር ቅልፅም ናይቲ ቃልሲ መብዛሕትኡ ብብረታዊ ቃልሲ ብሰዓራይነት እንትፈትሆ እቲ ናይ ውሽጢ ግን ደረጃ ብደረጃ አብ ዝተናወሐ ጉዕዞ ምስቲ አብቲ ቃልሲ ባዕሉ ሐዚልዎ ዝነበረ ዘይነፀሩ ጉጉይ ዝመስል ዝተሐዋወሱ ሐሳባት ድሕሪ ናይ 10 ዓመት ጉዕዞ መስመሩ ብምስሐት ብውሽጡ ካሊእ ትሕዝቶ፡ ብደጋዊ ትርኢቱ ድማ ንህወሐት ዝመስል ነጥበ መቀይሮ ናብ ምግባር ዘሰጋገረ ታሪኽ ከርኢ ኪኢሉ እዩ።

## ምኽንያት ውድቀት ህወሐትን መሪሕነቱን

ህወሐት ዝመርሖ ዝነበረ ብረታዊ ቃልሲ ምስዚ ኩሉ ጥንካሪኡ ንውድቀቱ መሰጋገሪ ዝኾኑ ሰለስተ ቁልፊ ነጥብታት አብ ውሽጡ ቋጺሩ ስለዝነበረ እዩ።

1. ንሌኒንነት ከም ቅቡል መሳርሒ ስነ-ሐሳብ ጌርካ ምቅባል። ሐሳባት ሌኒን፡ ምልኪ ሽቃሎ (dictatorship of the proletariat)፣ ሐደ ናይ ሽቃላይ ፓርቲ ጥራሕ አብ ሐደ ሃገር ይህሉ፣ ዘይርእሰማላዊ ምዕባለን (none capitalist path) ዝብሉ መሰረተ ሐሳባት ውሽጣዊ ቁምነገሮም አብ ዲሞክራሲያዊ ወያነ መሰረታዊ ምዝባዕ ዝፈጥሩ፡ ብዓሚቕ ፀረ ዲሞክራሲ ትሕዝቶ ዝተማእኸሉን፣ ሕድሕዶም ዝተዓሳሰሩን አብ ልዕሊ ምኳኖም ፀረ ማርክስነት ድማ እዮም። ሌኒንነት ብዙሕ ርሑቅ እንተይከድና ንሕብረት ሶብየት ዝበተነ፣ ንልዕሊ 20 ሚልየን ዜጋታት ሂወት ዝቀዘፈ፣ ንልዕሊ 150 ዓመታት እናማዕበለ መፂኡ አብ ኩሎም ፓለቲካዊ ፍልስፍናታት ከም ማእከላይ መሳርሒን ቅቡል መለክዒ ስልጣኔን ተጌሩ ዝተወሰደ ዲሞክራሲ ሕምብርቲ ዝወግአ፣ ፁፁይን ሱሱዕን ተግባር እዩ። ክልተ ስጉምቲ ንቅድሚት ተጓዒዙ ክልተ ዕፅፊ ንድሕሪት ዝምልስ ምንቅስቃስ እዩ። ተሞክሮ ሕብረት ሶብየት ድማ እዚ ሐቂ እዩ ዘርኢ። ማርክስ ግን ዲሞክራስያዊ እንተይኮንካ ኮምኒስት ምኳን አይከአልን ኢሉ እዩ። ምልኪ ሽቃሎ ዝብል ውን ክምቲ ሌኒን ዝሃቦ ትርጉም አይበለን። ሽቃላይ እቲ ቡርዣ ዝፈጠሮ ዲሞክራሲያዊ መሰላት ተጠቂሙ ክሰዕር ከምዝክእል እዩ ጠቂሙ። ንዲሞክራሲ ብምልኪ ብምቅያር ሽቃላይ ረብሐኡ ክሕሉ ይክእል እዩ ዝብል ማርክስ መበገሲ ኔርዎ

ምባል ኣይከኣልን። ደርቢን መንግስቲን ኣልቦ ሕብረተሰብ (state and class less society) ንምፍጣር ቀቲልካን ዓፊንካን ብምልኪ ከምዘይኽውን ካብቲ ኣብ ሕብረት ሶብየት ዝተፈፀመ ተሞኩሮ ንላዕሊ ከነብር ኣይክእልን።

ንሌኒንነት ከም መምርሒ ናይ ቃልሲ ምቅባል ማለት ገና ኣብ ፍርቂ መንገዲ እንተይበፃሕካ ብሽም ደርባዊ ቃልሲ ሕድሕዳካ ተጣፊእካ ኣብ ሕብረተሰብ ዘይተኣደነ ስብኣዊን ሞራላዊን ጥፍኣት ምፅዳም ማለት እዩ። ህወሓት ነዚ ከም ሓሳብ እንትቅበል ኣብ መብዛሕትኡ ቃልስታት ዓለም ከም ገስጋስን ብሉፅን፡ ንመሰረተ ሓሳባት ማርክስነት ዘይፃረር ጌሩ እዩ ወሲድዎ ኔሩ። ነዚ መባእታዊን መሰረታዊን ትሕዝቶ ዲሞክራሲ ዝፃረር ሐደገኛ ሓሳብ ናይ ምምርማርን ምንፃግን ታሪኻዊ ሓላፍነት ዝነበሮ መሪሕነት ህወሓት ክገብሮ ዘይምኽኣሉ ስሕተት እዩ ኔሩ።

ኣይዲኦሎጂ ልዕሊ ህዝብን ሃገርን ጌርካ ምርኣይን እሱረኛ ናይ ዘይፈተንካዮ ሓሳብ ንዘይ ምዃን ናይ ዝተማህሩ ሰባት ድፍረት ይሓትት ኔሩ። መሪሕነት ህወሓት እዚ ከማልእ ዘይምኽኣሉ ኣብ ውሽጡ ዝገወደ ፀረ ዲሞክራሲ ኣሰራርሐ ብሌኒንነት ስለዝድገፍ ንስዕረቱ ቅቡልን ቅልጡፍን ክኸውን ጌርዎ እዩ። ኣብ ውሽጢ እቲ መሪሕነት ናይ ሌኒን ሓሳብ በፍላይ ምስቲ ስታሊን ዝፈፀሞ ቅትለት ብምትሕሓዝ ዝጠራጠርዎን ክንክተሎ የብልናን ዝብሉ እኳ እንተነበሩ፡ እቲ ዝበዝሕ ናይ ኩሉ ሽግራት መፍትሒ ሌኒንነት እዩ ኢሉ ይኣምን ብምንባሩ ሌኒንነት ላዕለዋይ ኣሰራርሐን መምርሒን ክኸውን ኪኢሉ እዩ።

2. ኣብ ውሽጢ እቲ መሪሕነት ዝነበረ ንዲሞክራሲ ዝቀረበ ውሽጣዊ ኣሰራርሐን ምፅዋር ሓሳብ ፍልልይን ንኸባቢ ዓሰርተ ዓመት ሒዝዎ እንትጎዓዝ፣ ከም ኣሰራርሐ ነቲ ናይ ፅጥቂ ቃልሲ ዲስፕሊንን ምስጥራዊነትን ብዘይጎድእ ኣግባብ ናብቲ ላዕለዋይ ፀፍሒ ናይቲ ውድብ ካድረ ከውርዶን ትካላዊ (institutionalized) ክገብሮን ኣይከኣለን። እዚ ነቲ ኣብ ትሕቲ ፅልዋ ሌኒንነት ታተ ዝብል ዝነበረ ዘይተረረ ኣሰራርሐ፣ ጠቅሊሉ ብምልኣት ኣብ ኢድ ፀረ ዲሞክራሲ ሓይሊ ክጠቃለል ጌርዎ እዩ።
3. ቃልሲ ህዝቢ ትግራይ ፍትሒ ሐደ ካብቶም ዝቃለሰሎም መሰረታዊ መትከላት እዩ ኔሩ። ማሕበራዊ ፍትሒ ጥራሕ ዘይኮነስ ናይ ዜጋታት ሰብኣዊን ዲሞክራስያዊን መሰላት ንምርግጋፅን ብቀፃልነት ንምሕላውን ብዘይ ፍትሒ ዝግበር ኣይኮነን። ህወሓት ይትረፍ ንሕብረተሰብ ዝተርፍ ብዝገርም መንገዲ ንባዕሉ ዝዳነየሉ ናይ ፍትሒ ስርዓት (judiciary system) ኣብ ውሽጡ ክፈጥር ኣይከኣለን። ኣድላይ እዩ ኢሉ ውን ዝኣምን ኣይነበረን። ፖለቲካዊ ስልጣንን ለውጥን ብዘይ ፍትሒ ከምፅእ እዩ ዝሐስብ ኔሩ። ንፍትሒ ናይ ቡርዥዋ ሕጋዊ መሳርሒ እዩ መሲሉ ዝረኣዩ ኔሩ። ኣብ ትሕቲ ፅላል ሌኒንነት ዝነበረ ኣመራርሐ ህወሓት ፀረ ፍትሒ ክኸውን ድማ ግድን እዩ ኔሩ። ሌኒን ንፓለቲካዊ ስራሕቱን ዝፈጥሮ ዝነበረ ስርዓትን ልዕሊ ሕጊ እዩ ዝብሎ ኔሩ። ንትካላት ፍትሒ ድማ ናይ ብርዥዋ ሕጋዊ መሳርሒታት (bourgeoisie legalist) እዩ ዝብሎም ኔሩ። ህወሓት ብዘይ ፍትሒ ክኸዶ ዝክእል ርሕቀት ውሱን ብምንባሩ ንሰዕረቱ ብረሳሕ ምፅልላምን ሐዞ ትሰደን ክዛዝም ተገዲዱ እዩ። ንህዝቢ ትግራይ ብፍላይ ንኢትዮጵያ ድማ ብሐፈሻ ኣብ ቀፃሊ ፓለቲካዊ ስርዓቱ ዝተወደበ ፀረ ፍትሒ ሐይሊ ዝደለዮ ክገበር ዘክእሎ ሰባር ማዕዖ ገዲፉ ምኻዱ ድማ እቲ ዘሕዝን ፍፃሜኡ ክኸውን እዩ።

## ወፍርታትና ነዊሕን ቀፃልን እዩ ። ስሙር ምንቅስቓስ (ሰም) ጥሪ 2017